# ተዝካረ ሕፃናት

ንባባት፡ ሮሜ 11፡1-8፥ 1ዮሓ 1፡5-2፡2፥ (1ጴጥ 2፡1-16)። ግ.ሓ. 28፡17-ፍ፥ ማቴ 2፡ 13-18።

ምስባክ፡እስመ በእንቲአሁ ይቀትሉነ ኵሎ አሚረ ወኮነ ከመ አባግዕ ዘይጠብሑ፥ ንቃህ እግዚኦ ለምንት ትነውም። ምእንታኻ ኹሉ ጊዜ ንቕተል አሎና ከም ዚሕረዳ አባግዕውን ተቖጸርና፥ ጎይታ ተበራበር እባ ብምንታይ ትድቅስ (መዝ. 44፡22-23)።

ማቴዎስ ወንጌላዊ ጥራሕ ብዛዕባ ቅትለት ሕፃናት ቤተ ልሔም ይነግረና።ንጹሓት ሕፃናት ትሕቲ ክልተ ዓመት ዝኾኑ በቲ ጨካን ንጉሥ ዓብይ ሄረዱስ ኢዶማዊ ተቐቲሎም። እቲ ቅትለት ምስ ምጻኤ ሰብአ ሰገል ካብ ርሑቕ ምስራቕ ጥበበኛታት፥ ብዛዕባ ከዋኽብቲ ዘጽንዑ አብ ኢየሩሳሌም ኮኾብ ካብ ምስራቕ ርኢና ክንሰግደሉ መጺእና እናበሉ ንሄረዱስ ሓቲቶሞ።ሄሮዱስ ወኪል መንግስቲ ሮማ ነዚ ምስ ሰምዐ ኩላ ኢየሩሳሌም ምስኡ ተሃዊኻ። ንግስነቱ አብ ሓደጋ ከም ዝወደቐ ከምኡ እታ ከተማ እውን ከም እትጥቃዕ ሓሲቡ።
ሄረዱስ ብጭካኔኡ ፍሉጥ እዩ ነሩ።አብ ምጅማር ንግስነቱ ንንሥነቱ ይቋወሙ ዝበሎም አጥፊኡ ነቶም ባይቶ አይሁድ፥ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ አይሁድ ብምልአም አጥፊእዎም። ድሕሪኡ 300 ዝኾኑ ዳያኑ አጥፊኡ። ሰበይቱ ማርያመን እትብሃል ከምኡ አሕዋታ አለክሳንደርን አሪስቶቡሉስ ዝተባህሉ ክልተ ደቁን ቀቲሉ።ስለዚ ንሄሮዱስ ንጉሥ ዝኸውን ሕጻን ተወሊዱ አሎ ክብሃል እንከሎ ክቕትሉ ከም ዝደሊ አየጠራጥርን እዩ። በዚ እዩ ነቶም ሰብአ ሰገል ሓበረታኡ ምስ ሰማዕኩም አነ እውን ክሰግደሉ ልአኹለይ ዝበሎም ክቐትሎ ኢሉ።

አጉስጡስ ቄሳር ንርእሱ ንምቕታልን ንሰብ አብ ምጥፋእን ድሕር ዘይብል ንጭካኔ ሄሮዱስ ክገልጽ እንከሎ አነ ካብ ናይ ሄሮዱስ ውሉድ ምዃን ከልቢ ሄሮዱስ ምኻን ይሓይሽ ኢሉ ይብሃል።

እቲ ሕጻን አበይ ከም ዝውለድ ወዲ ክንደይ ዓመት ከምዝኾነ ክፈልጥ ይሓትት ነሩ። ዓበይቲ ካህናትን ጸሓፍትን ክኢላታት ሕጊ አይሁድ አኪቡ እቲ መስሕ አበይ ከምዝውለዱ ሓቲቱ። ንሶም ከአ አብ ቤተልሔም ናይ ይሁዳ ንእሽቶይ ከተማ ካብ ኢየሩሳሌም ርሕቕቲ ዘይኮነት በልዎ። ነዚ ዝበልዎ ካብ ዝተፈላለዩ መጻሕፍቲ መሰረት ብምግባር እዩ።

፩ያ ዝወሰድዎ ካብ ንነብይ ሚክያስ 5፡2 እቲ አብ ምድሪ ኤፍራታ ዘሎኺ ቤተልሔም ንስኺ ኻብተን አብ ይሁዳ ዘለዋ ኸተማታት ዝነአስኪ ኢኺ፥ ትውልዱ ኻብ ጥንቲ ኻብ ዘለዓለም ዝኾነ አብ እስራኤል ገዛኢ ኪኸውን ዘለዎ ኻባኺ ኸተንሥእ እየ ዝብል እዩ።

መጽሓፍ ሚክያስ ነብይ ዝተጻሕፎ ንጉሥ አብ ኢየሩሳሌም አብ ዓቢ ስግአት ካብ አሲርያውያን አብ ዝነበረሉ ጊዜ እዩ። ግን ንእሽቶን ሓንቲ አፍልጦ ዘይብላ ከተማን ካብ ዓሌት ንጉሥ ዳዊት ካብ ምድሪ ኤፍራታ ቤተልሔም ንእስራኤል ዝገዝእ ንጉሥ እቲ መስሕ ክውለድ እዩ እናበለ ተስፋ ዝህብ ትንቢት ተነጊሩ።

እቲ ካልአይ ትንቢት ካብ ካልአይ መጽሓፍ ሳሙኤል ነገዳት እስራኤል አብ ሄብሮን ንዳዊት መጺኦም ንጉሥም ክኸውን ዝሓተትዎ እዩ፥ ከምዚ ኸአ ኢሎሞ፡ ንስኻ ንሕዝበይ እስራኤል ክትጓሲ ኢኻ፥ ንስኻ ኸአ አብ ልዕሊ እስራኤል መስፍን ክትከውን ኢኻ ኢሉካ ዝነበረ በልዎ (2ሳሙ 5፡2)።

እዚ ክልተ ትንቢታት ንሄሮዱስ አቐጢዕዎ። ሽዑ ንሰብ ጥበብ ብኅቡእ ጸወዖም ካብአቶም ድማ ዘመን እቲ ዝተራእዮም ኾኾብ አብጥቢቑ ተረድአ። ናብ ቤተልሔም ድማ ሰደዶም። ኪድኩም ብዛዕባ እቲ ሕፃን አረጋጊጽኩም መርምሩ፥ ምስ ረኸብክምዎ አነ ኸአ መጺአ ኽሰግደሉ ንገሩኒ በሎም (ማቴ 2፡8)።

ብርግጽ ሄሮዱስ አብ ሓሳቡ ፍሉይ ዝኾነ ስግደት ከቕርብ እዩ ሓሳቡ። አብ ክንዲ መድኃኒ ተወሊዱ ኢሉ ዝሕጎስን ንአምላኽ ዘኽብር አብ ቅጥለት ክወፍር ተቐዳዲሙ። ሰብ አብ ርእሱ ጥራሕ ምስ አተኮረ ንአምላኽ ምርአይ ምስ ሰአነ አብ ቅትለት አብ ዓመጽ አብ ክፍአት እዩ ዝወፍር። ነቲ አምላኽ ዝገልጸሉ ክርኢ የጸግሞ። ሰብ ክሑጎስ ንሱ አብ ሕርቃን ጽልኢ ክፍአት ተንኮል ይወድቕ። እዚ አብ ሕይወት ብዙሓት እንርእዮ እዩ። ጽቡቕ ክርእዩ ዘይክእሉ ክንደይ አለዉ። ክፉእ እንተ ዘይገበሩ ዘይተዓወቱ ኮይኖም ዝነብሩ ውሑዳት አይኮኑን።

ሰብአ ጥበብ ካብ ሄሮዱስ ምስ ከዱ እንሆ እቲ ብምብራቕ ዝረአይዎ ኮኸብ አብ ለዕሊ እቲ ሕፃን ዝነበራ ቦታ መጺኡ ክሳብ ዝቐውም መርሖም፥ ነቲ ኾኾብ ምስ ረአይዎ ብዙሕ ተሓጐሶም። አብ ቤተልሔም አትዮም ነቲ ሕፃን ምስ ማርያም እኖኡን ረአይዎ። ተደፊኦም ሰገዱሉ፥ ሣጹኖም ከፊቶም ከአ ወርቅን ዕጣንን ከርበን ገጸበረኽት ሃብዎ። እዚ ህያባት እዚ አብ ምስራቕ ናይ አኽብሮት ህያባት እዩ። ምብጽሖም ምስ ወድኡ ናብ ሄሮዱስ ከይምለሱ አምላኽ ብሕልሚ ስለ ዘጠንቀቖም ብኻልእ መገዲ ናብ ሃገሮም ተመልሱ።

ንዮሴፍ ብሕልሚ ተራእዮ ንሕፃንን አዲኡን ሒዙ ንግብጺ ክሃድም ተነግሮ ክሳብ ዝነግሮ ኸአ አብኡ ክጸንሕ ነገሮ። በታ ለይቲ እቲአ ንግብጺ ሃደሙ አብኡ ክሳብ ሄሮዱስ ዝመውት እውን ጸንሑ።

ማቴዎስ ነዚ ነቲ አብ ነብይ ሆሴዕ ዘሎ ትንቢት ከም ዝተፈጸመ ገሩ ይወስዶ፥ ንእስራኤል ሕፃን ከሎ አፍቀርክዎ ንወደይ ካብ ግብጺ ጸዋዕክዎ (ሆሴዕ 11፡1) ዝብል። በዚ መገዲ ሆሴዕ ንኢየሱስ ምስቲ ናይ እስራኤል ንዓዶም ዝተመልስዎ መወዳእታ አተሓሒዙ ይርእዮ። ከምቲ እግዚአብሔር ንእስራኤል ካብ ግብጺ ዝጸውዖ ሕጂ ኸአ ንኢየሱስ ካብ ግብጺ ይጽውዖ፥ አብ መሬት እስራኤል ንዓላምኡ ክፍጽም ንሓዳስ እስራኤል ንህዝበ አምላኽ ክምስርት። ንግብጺ ምህዳም እቲ ትንቢት ከም ዝፍጸም ኮይኑ። ማቴዎስ ነቶም አሁድ ክርስትያን ስለዝጽሕፎ አብ ሕይወት ኢየሱስ ዝተፈጸሙ ከም ምልአት ብሉይ ኪዳን ክውሰዱ ይነግር።
ሄረዶስ ከም ዘለገጹሉ ምስ ፈለጠ ብጣዕሚ ተቖጢዑ፥ ብመሰረት ካብቶም ሰብ ጥበብ ዝረኸቦ ሓበረታ አብ ቤተልሔምን ከባቢአን ዝነበሩ ቆልዑት ካብ ክልተ ዓመት ንታሕቲ ንኹሎም ክቕተሉ አዚዙ።
እቶም ዝተቐትሉ ቆልዑት ክንደይኮን ይኾኑ ኢልና እንተ ሓተትና ዝተፈላለየ መልሲ ንሰምዕ።አብ ገሊኡ ምስራቓውያን ስርዓት ሊጡርግያ ክሳብ 14000 ይግምቱ ካልኦት ከአ 64000 ዝብሉ አለዉ። አብ ሓቅን በቲ ጊዜ ቤተልሔም ንእሽቶይ ከተማ እያ ነራ አብአ ዝነበሩ ቆልዑት ካብ 20-30 ዝበጽሑ እዮም ነሮም ዝኾኑ ዝብል ግምት አሎ። ስለዚ አማእት ክንሓስብ የብልናን፥ ግን እዚ ነቲ ሄሮዱስ ዝፈጸሞ ቅትለት አየንእሶን እዩ ህልቂት እዩ ነሩ።
ገለ ሰባት አለዉ ነዚ ፍጻሜ ዘይቅበልዎ ምኽንያቱ ይብሉ ብዘይካ አብ ወንጌል ማቴዎስ አብ ዝኾነ ካልእ ጽሑፍ ብዛዕባዚ ዝነገር አይንረክብን። አይሁዳዊ ጸሓፋይ ታሪኽ ጆሰፉስ ዝተባህለ አብ ጽሑፉ አይጠቕሶን።ስለዚ እዚ ነገር አይተፈጸመን ይብሉ። አብዚ ክልተ ነገራት አሎ ክብሃል ዝክአል። መጀመርያ ከም ዝረአናዮ ቤተልሄም ንእሽቶይ ከተማ እያ ነራ፥ በቲ ጊዜ ብዙሕ ቅትለታት አብ ዝፍጸመሉ ዝነበረ 20-30 ቆልዑት አብ ሓንቲ ንእሽቶይ ከተማ ተቐቲሎም ኢልካ ከም ዓቢ ነገር ክትዛረበሉ ቦታ የብሉን። ነቶም ወለዶምን አብ ጥቕአም ንዘለዉ እምበር ብዙሕ ዝውረ አይኮነ ምስቲ አብቲ ጊዜ ዝነበረ ቅትለት ሰባት ዝብሉ አለዉ። ካልአይ አብ ገለ ነገራት ዓበይቲ ጸሓፍቲ አየሕለፍዎን ወይ አይጠቐስዎን ኢልካ አይተፈጸመን ክትብል እውን አይክአልን እዩ። እቲ ፍጻሜ ንጠባይን ባህርን ሄሮዱስ ዝገልጽ ዘየጠራጥር ማቴዎስ ወንጌላዊ ዝነግረና እዩ።

ከም ርድኢት ማቴዎስ ወንጌላዊ እቲ ቅትለት ሕፃናት ነቲ ብኤርምያስ ነብይ ዝተባህለ ከም ዝተፈጸመ ይገልጽ። ኣብ ራማ ድምፂ ዋይዋይታ እወ ድምፂ መሪር ብኽያት ተሰምዐ ደቃ ስለ ዝተወድኡ ራኄል ትበኪ ኣላ፣ ምድባስውን ኣበየት (ኤር 31፡15)።
እዚ ጥቕሲ መሰረቱ መግለጺ ናይ እቲ ኣብ ስደት ባቢሎም ንዝተገብረ ግፍዒ ስደት ብዙሓት እስራኤላውያን ከም ባረዩ ንባቢሎም ዝተሰዱሉ ዝመልክት እዩ። ኣብቲ ዝቕጽል ጥቕሲ እግዚኣብሔር እስራኤል ምብካይ ክተቋርጽ ይነግራ ምኽንያቱ . . . ደቅኺ ካብ ምድሪ ጸላኢ ኺምለሱ እዮም (ኤር 31፡16)።
ገለ ተመራመርቲ ዓላማ ማቴዎስ ወንጌላዊ ናይ ኤርምያስ ትንቢት ዘእተወሉ ቀንዲ ምኽንያት ኽገልጹ ከለዉ ነቲ ኣብ መንጎ ዘሎ ብቕትለት እቶም ሕፃናትን ስደት ባቢሎም ዘምጽኦ ናይ ምብካይ ርክብ ንምግላጽ ዘይኮነ ኢየሱስ ሕፃን ኣብ ዓዲ ጓና ዝተሰደ (ከም እስራኤል ቅድሚኡ) ንዓዱ ከምዝምለስ ንምግላጽ እዩ ዝብሉ ኣለዉ።
ናይ ቅዱስ መጽሓፍ ተመራማሪ ኣባ ራይሞንድ ብራውን ዝተባህሉ ነዚ ኽገልጹ ከለዉ እዚ ናይ ማቴዎስ ትረኻ ኣብቲ ኣብ ጥንቲ ኣብ ታሪኽ ዝተፈጸመ ናይ ዕብራውያን ቦኽሪ ብፈርዖን ኣብ ጊዜ ምውላድ ሙሴ ንዝፍጸም ዝነበረ ቅትለታት ኣብ ግምት ብምእታው እዩ ዝርእዮ ይብሉ። እዚ ዓይነት ኣገላልጻ ነቶም ኣንበብቲ ኣይሁድ ብቐሊል ይርድኦም ነሩ።
እዚ ብዓል ካብ ጥንቲ ካብ 4ይ ክፍለዘመን እዩ ክብዓል ጀሚሩ። ከም ሰማዕታት ይቑጸሩ ምኽንያቱ ምእንቲ ክርስቶስ ጥራሕ ኣይሞቱን ኣብ ቦታ ኢየሱስ ስለ ዝሞቱ። ነዚኦም ክነኽብር እንከሎና ቤተ ክርስትያን ንኹሎም ኣብ ንጽሕና እንከለዉ ንዝሞቱ ክንዝክር ትደልየና። ብፍላይ ንኣሽቱ ሕፃናትን ቆልዑን፣ ነቶም ወለዲ ኽአ ክነጸናንዕ ትነግረና፣ ምስቶም ኣብ ክንዲ ኢየሱስ ዝሞቱ ሕፃናት ኣብ ዘለዎ ኽአ ምስኦም ይኽብሩ ኣለዉ እናበልና ክነጸናንዕ ትነግረና።
እዚ ናይ ሎሚ ብዓል ንመንግስቲ ኣምላኽ ዝጸልኡ ክስብ ክንደይ መዕነውን ጽልእን ከምዘዘውትሩ ክንርኢ ይሕግዘና። ግን ብሰንኪ እቶም ዓመጽቲ ዝወርድ ሰማዕትነትን ርኢና ንክንገብሮ ዝግብኣና ሰማዕትነት ወይ ምስክርነት የዘኻኽረና። ኢየሱስ ኣነ መገድን ሓቅን ሕይወትን እየ ኢሉና እዩ ነዚ ክንምስክር ይደልየና። እዚ ብዓል ዓወት ክርስቶስ፣ ዓወት ኣምላኽ፣ ዓወት ብርሃን ኣብ ልዕሊ ጸልማት፣ ሰላም ኣብ ልዕሊ ሕሱም ግፍዒ ዝተዓወተሉ ዝገልጽ እዩ። እዚኦም ንጹሓት ሕጻናትን ኩሎም ሰማዕታት ኣብ ኩሉ ዘመናት ኣብ ክብሪ ክርስቶስ ይሳተፉ ምእንታና ኽአ ይጽልዩ ንሕና ከምኡ ገርና ምእንቲ ክንምስክር።
ጨካን ሄሮዱስ ነቶም ኩሎም ጨካናት ኣንጻር ክርስቶስ ዝኾኑ ይውክል። ብሓቂ ክንዛረብ እንተ ኾና ንገዛእ ርእስና ክንርኢ እንተ ከኣልና ጽልኣት ክርስቶስ ኣብ ወጻኢ ኣብ ዓለም ጥራሕ ዘሎ ኣይኮነን ኣብ ነፍሲ ወከፍና እውን ዘሎ እዩ።
ሕፃናት ብሥጋ ጥራሕ ኣይ ኮኑን ዝቕተሉ ብመንፈስ እውን ይቕተሉ እዮም። ወለዶም መቕርቦም ኣደ/ኣቦ ማልገታቶም ቤተ ክርስትያኖም ነቲ መገድን ሓቅን ሕይወትን ክርስቶስ ከፍልጥዎም እንተ ዘይክኣሉ ይቐትልዎም። ኣብኦም ፍቕሪ ኣምላኽን ሰብን ኣይትፍጠርን ሽዑ ጸረ ኣምላኽ መገዲ ክሕዙ ኣየጸግሞምን። እሞ ሎሚ ንደቅና እንታይ ንምህሮም ኣሎና። ሓደ ንርእሱ ምስ ኣምላኽ ርክብ ዘይብሉ ወላዲ/ት ከመይ ገሩ ደቁ ጥዑያት ፍርሃት ኣምላኽ ዘልኦም ክኾኑ ይጽበ። ደቅና እታ ኣብ ቤትና እንገብራ እዮም ዝርእዩን ዝገብሩን። መማህራን ሓቂን ጽድቅን ስድራ እዮም።
ዘሎናዮ ዘመን ሄሮዱሳት ዝበዝሕዎ ዘመን እዩ። ዘሎ ተክነሎጂ ብኣገባብ እንተ ዘይተጠቐምናሉ ንጥፍኣት ዝወስድ እዩ። ደቅና ምስ መን ይራኸቡ እንታይ ይዛረቡ መዓልታዊ ክንከታተሎም ኣሎና። ንርእዮ ዘሎና ሓቂ እዩ ደቅና ካብ ኢድና ይወጽኡ ኣለዉ። ኣብ ሕይወቶም ኣምላኽ ዘይብሎም ይዓብዩ ኣለዉ ብሓቂ ዘሰክፍ እዋን ኢና ዘሎና። ንርእስና ብርሃን ክርስቶስ ለቢስና ንደቅና ብርሃን ንኾልዓሎም።

ኦ ምእንቲ ክርስቶስ ዝመርኩም ሕፃናት ቤተልሔም ከምኡ በብእዋኑ ብግፍዒ ብዘይድላይኩም ንሞት ዝተፈረድኩም ነቲ ዝመስከርክምዎ ኣምላኽ ለምኑልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ